# ሓዲስ ዓመት 2019 ዓ.ም.

## ዘመነ ሉቃስ

## መስከረም 1 2019 ዓ.ም. (መስከረም 11 2026)

ንባባት፡ 1ቆሮን 1፡26-31፥ ያዕ. 2:1-12፥ ግ.ሓ. 5:12-17፥ ሉቃስ 9፡7-9።

ምስባክ፡ሀ. ወትባርክ አክሊለ ዓመተ ምሕረትከ፥ ወይጸግቡ ጠላተ ገዳም ወይረውዩ አድባር በድው። ምጅማር ዓመተ ምሕረትካ ትባርኽ፥ በረኻታት ብጠለት ይጸግቡ፥ ጎቦታት በረኻ ይረውዩ መዝ. 65፡11-12።

ለ. አድኅነኒ እግዚኦ እምእለ ሮዱኒ እስመ ይኄይሉኒ ወአውጽአ እሞቅሕ ለነፍስየ ከመ እግነይ ለስምከ እግዚኦ፥ ንስምካ ምእንቲ ከምስግነካ ካብቶም ኃይሎሚኒ ዘለዉ ጸላእተይ አውጽአኒ መዝ. 142፡6-5።

ርሑስ ብዓል ሓዲስ ዓመትን ብዓል ቅዱስ ዮሓንስን ይግበረልና። ዓመት ሓሊፉ ዓመት ክትክእ እንከሎ ፍሉይ ተዘክሮ እዩ ዘቕርበልና። ንውሃቢ አምላኽ አብዛ ዝሓለፈት ዓመት ንኹሉ ዝሃበና ዝገበረልና ብልቢ ተመስገን ክንብሎ ግቡእና እዩ። ንድሕሪት ግልጽ ኢልና ሕይወትና እንተ ጠመትና ምናልባት ከም ግብርና እንተ ዝኸደና ብዙሓት ነዚ ብዓል አይ መብዓልናን እንተ ኾነ ፈቃር አምላኽ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ነዚ እንጅምሮ ብዓል ስለ ዘብቅዓና ተመስገን ኢልና ንዝወደቕናዮ ምሓረኒ እናበልና ብዝተሓደሰን አብ ጸጋ አምላኽ ተአማሚና ነዚ ዓመት ንጀምሮ። 2019 ዓ.ም. ብናይ ዓድና አቆጻጽራ ንጅምር አሎና፥ እዚ ዓመት ዓመተ ሉቃስ እዩ ብፍሉይ ነቲ ሉቃስ ወንጌላዊ ዘበስሮ ወንጌል እና አስተንተና ክንሓልፎ ዝበለጸ እዩ።

ሓዲስ ጉዕዞ ሕይወት ብሓዲስ መንፈስ ክንጅምሮ ልብና ክፉት ንኹሉ አብ ዝሓለፈ ፈሊጥና ከይፈልጥና ዝወደቕናዮ አሓዲስና ቅዱስ ሕይወት ሰላም ዝመልአ አብ ጸጋ አምላኽ ተመርኲስና ንጀምሮ። ጽቡቕ ዝጀመረ ዳርጋ ፍርቂ ዝበጽሐ ከምዝብሃል ንሓዲስ ዓመት ብዕሩፍን ሰላም ዝመልአ መንፈስ ንጀምሮ። አብዚ ክንዝንግዖ ዘይብልና ንኹሉ አብ ኢድ አምላኽ አምቢርና ብመንፈስ አምላኽ ክንምራሕ ቍርጽ ፍቓድ ንግበር ሽዑ አምላኽ ባዕሉ ዝጎደለ እናመልአ ክመርሓና እዩ።

**ሓዲስ ዓመት ነዚ ዝስዕብ ነገራት ሒዝና ክንጅምሮ እንከሎና ሕጉስ ሕይወት ክንርኢ ኢና፡.**

1. ንዝሓለፈ ኃጢአትካ ብንስሓ ዓጺኻ ምኽአል። ንሓዲስ ዓመት ብንጹሕ ልቢ ክንጅምሮ ይግባእ። ሕይወትና ንዝሓለፈ ጌጋና አበሳና ሒዝና ክንጅምሮ አይግብእና ስለዚ ምስ አምላኽን ሰብን አብ ምሉእ ዕርቂ እንከሎና ክንአትዎ ይግባእ። ሰላም ፍቕሪ ሕድገት ዝለበሰ ሕይወት ዝለበስና ክንከውን አሎና ዓመትና ፍረ ክህልዎ፡፡
2. ካብ ዝሓለፍ ሕይወትና ተማሂርና ንእንአትዎ ዓመት ንጠቐመሉ። ሰብ ካብ ዝሓለፈ እዩ ዝምሃር። ዝሓለፈ ዓመት ዘይተዓወትናሉ ሎምዘበን ክንዕወት ተበግሶ ንውሰድ። ዝሓለፈ ጌጋታት መአረሚ መምሃሪ ክኾኑና እንከለዉ ሽዑ እዩ አብ ሕይወትና መንፈሳውን ልቦናውን ዕብየት ክነርኢ እንኽእል። ብዝሓለፈ ተማሂርካ ምኽአል የድሊ።
3. ንሓዲስ ዓመት ብኽፉት ልቢ ምጅማሩ። ንጹሕን ግሩህን ዝኾነ ክፍአት ዘይሓዘ ልቢ ሒዝና ዓመትና ንጀምሮ። ምስ አረጊት ሕይወትና አይንእተዎ ዓመትና።
4. አብ ጉዕዞ ሕይወትና ኩሉ ጊዜ ዘዓንቅፍ ክህሉ ስለ ዝኾነ ከይንወድቕ ምስትውዓል የድልየና። ኩሉ ጊዜ ዕጡቓት ስንድዋት ኩኑ ይብለና ኢየሱስ። ንፈተና ንጽልኢ፥ ንኃጢአት ክንዋጋእ ድልዋት ክንከውን አሎና እዚ መንፈስ እንተ አሎና ሽዑ ንአምላኽ ክነሓጉሶ ኢና። ዓመትና ሓቂ ፍቅሪ ሰላም ዝነገሶ ክኸውን ናይ ነፍስወከፍና ተራ ይሓትት። ዘራእቲ ሰላምን ፍቕርን ክንከውን ከም ዘሎና ፈሊጥና ንአምላኽ ሓግዘኒ ንበሎ፡፡.

5. ዝወሃበና ዘሎ ዓመት ክነፍሪየሉ ምእንቲ እዩ። ኣምላኽ ጊዜ ዝሀበና ብዝያዳ ክንፈልጦ ክንፈትዎ ኣብኡ ክንቀርብ ምእንቲ እዩ። ክርስትያን ኣብ ጉዕዞ ቅድስና ዝርከብ ፍጡር ስለ ዝኾነ ኣብ ሕይወቱ ንቅድስና ክተሓሓዞ መጸዋዕታኡ እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ሰናይ ግብርና ገለና 30፥60፥ 100 ፈሪና ክንክእል ኣሎና።

ሓዲስ ዓመት እምብኣር ብዝተሓደሰ መንፈስ ክንጅምሮ እንከሎና ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህልዎ እሞ ንኣምላኽ ኣጀሚሩ ከፈጽመና ንለምኖ። ጉዕዞ ቅድስና ነዚ ዓመት ንጅምር ኣሎና ስለዚ ስንቂ ዕጥቂ የድልየና። ን365 መዓልታት ክንጉዓዝ ኢና ናይ ብሓቂ ፍሉይ ምቅርራብ የድልየና። ኣብ መንገ ከይንደክም ካብ መገዲ ከይንወጽእ ከምኡ መገዲ ከይጠፍኣና፥ ሰባት ካብ ጉዕዞና ከየዘንግዑና ዓቢይ ኣድህቦ የድልየና። ኣምላኽ ነዚ ዓመት ኣጀሚርካ/ኪ ኣሎኹ እሞ ተሓባበረኒ/ርኒ እናበለ ይሓተና ኣሎ። ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል ከንሱ ክንተሓባበሮ ይደሊ ኣሎ።

ምስ ማርያም ኣደና ኮና ንኹሉ ድላይ ኣምላኽ ክንገብር ክንሰምዕ ሕራይ ንበል። ንኹሉ ኣብ ኢድካ ኣንብሮ ኣሎኹ ኣብ ኩሉ ንስኻ እትደልዮ ምርሓኒ ልኣኽኒ ክሰምዓካ ክእዘዘካ ፍቓደኛ እየ ኢልና ብመብጽዓ ዓመትና ንጀምሮ እሞ ዝተረፈ ባዕሉ ክኣል ኩሉ ኣምላኽ ክሕግዘና እዩ።

**ቅ. ዮውሓንስ መጥምቕ፡**

ሓዲስ ዓመትና ምስ ቅ. ዮውሓንስ ሞቱ እናዘከርና እና እንጅምሮ ዘሎና፥ እዚ ኸኣ ብሰለስተ ምኽንያት እዩ፡

1. ቅ. ዮውሓንስ ናይ ብሉይ ኪዳን ዓጸዊ ነቢይ፥ ናይ ሓዲ ኪዳን ከፋቲ እዩ። ናይ ክርስቶስ ፌተውራሪ ቃል ኣዋጂ ነጋሪ እዩ፥ ሰባት ንኣምላኽ ዝኸውን ሕይወት ሒዞም ክርከቡ ዝዕድም እዩ።
2. ቅ. ዮውሓንስ ስብከቱ ንንስሓ ንተሓድሶ ዝዕድም ስለ ዝኾነ ማለት ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ግበሩ፥ መንግስተሰማይ ቀሪባ እያ እናበለ ስለ ዝሰበኸ እዩ።
3. ቅ. ዮሓንስ ንሓቂ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ክሰብኽ ክጭጭ ዘይበሎ ዓቢ ነብይ፥ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ክበጽሑ መገዲ ስለ ዝሓበረ ብፍሉይ ኣብ ምጅማር ሓዲስ ዓመት ብዓሉ ነኽብር።

ሕዝብና ኣብ ሓዲስ ዓመት ንምስንዳው ብሰሙን ጻጉሜ ማይ ጸሎት ይሕጸቡ እዚ ናይ ምንጻሕን ምሕዳስን ምልክት ንሓዲስ ዓመት እዩ። ድሮ ዓውደ ዓመት ከኣ ሽጉ ወሊዑ ዓኾኻይ ዓኾኻይ ሓምሊ ቍራዕ ውጻእ ግዓት እኽሊ እቶ እናበለ ንዝበለየን ዝኣረገን ኣቕሓ ይድርቢ፥ እዚ ኸኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣረጊት ኣተሓሳስባ ጠባይን መንፈስን ደርብዩ ንሓዲስ ዓመት ብሓዲስ መንፈስ ክርስቶስ ኪቕበሎ ከምዝግብኦ ንምዝኽኻር እዩ። ሽግ ወይ ቆልቋል ምውላዕ ቅዱስ ዮውሓንስ መጥምቕ ፌተውራሪ ብርሃን ስለ ዝኾነ ማለት ናይ ክርስቶስ ምስክር ከም ዝኾነ ንምግላጽን ሓዲስ ዓመት ብብርሁ መንፈስ ክንጅምሮ ንማለት እዩ።

**ዮሓንስ ሰባኺ/መስካሪ ሓቂ፡**

ቅ. ዮውሓንስ ብኹሉ ንክርስቶስ ይመሳሰሎ፥ ኣብ ልደቱ ኣብ ተልእኮኡን ኣብ ሞቱን። ካብ መጀመርያ ባዕሉ ከምዝበሎ ንክርስቶስ መገዲ ጸራጊ ስራኽ ኣሳእኑ ክፈትሕ ዘይግብኦ እንከሎ ንሰባት ተንሰሑ ተሓደሱ ኣብ መንግኹም መድኃኒ ይመጽእ ኣሎ እናበለ ኣሰናድዩ። ዮውሃንስ ንሓቂ ኣብ በረኻ ኣብ ከተማ ኣብ ቤት ነጋውስ ኣብ ቤተ ጸሎት ኣብ ኩሉ ሰቢኽዋ እንተ ኾነ እቲ ዝሰበኾ ብፍላይ ንመራሕ ሃገር ሄሮዱስ ስለ ዘይተሰማምዖ ኣብ ቤት ሞቕሕ ኣእትዩ ቀቲልዎ። ብዙሕ ጊዜ ኣብዛ እንነብራ ዓለም ንሓቂ ዝምስክር ሞት እዩ ዕጫኡ።

ሄሮዱስ ገፋዒ መራሕ ሃገር እዩ ነሩ ንሓቂ ዝፈርሕ ንኹሉ ዝገብሮ መምዘኒኡ ምስ ስልጣኑን ምስ ድለታቱን ኣብ ግምት ኣእትዩ እምበር ፍርሃት ሓቂ ወይ እውን ክብሪ ሰብ ኣይነበሮን። ዮውሓንስ ነዚ ጨካን መራሕ ሃገር ብዘይስግኣት ደፊሩ ካብ ኃጢኣቱ ክምለስ ነጊርዎ። እዚ እዩ ሎሚ ኣብ ዓለምና ኣብ ዓድና ዘድሊ ዘሎ ንሓቂ ብዝኾነ ምኽንያት ከይንደፍና፥ ኣብ ገለ እዋን ፈሪሕና ተሰኪፍና ክንደፍና ከሎና ኃጢኣት ንገብር፥ እዚ ኸኣ ኣብ ሕይወትናን ሕይወት ካልኦትን ዓቢ ጸልማት የምጽእ። ቅ. ዮውሓንስ ብሰንኪ ሓቂ ምዝራቡ ንሞት ተፈሩዱ ሎሚ ንሕና ንሓቂ ኢልና እንኽፍሎ እንታይ ኣሎ? ብርግጽ ኣብ

ገለ እዋን ክኸብደና ይኽእል እዩ ሥጋ ስል ዝለበስና፥ ክንገብሮ ዘሎና ኣብ ሓቂ ደፋራት እሞ ኩልና ዝዓበና ዝንኣስና ንኽፍኣት ክንጸልእ ንሓቂ ክንክተል ናይ ሎሚ ዕለት ፍሉይ ተዘክሮ እዩ።

ንቅዱስ ዮውሓንስ ኣሕሊፎም ሂቦሞ ይብል ንኢየሱስ እውን ኣሕሊፎም ሂቦሞ ንተኸተልቱ በብዘመኑ ኣሕሊፎም ሂቦሞም ይህብዎም ኣለዉ። ክርስትያን ብርሃን ዓለም ኢና ምኽንያቱ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ሓቂ እምነትና ክንምስክር ስለ ዘሎና ስለዚ ምእንቲ ሓቂ ምእንቲ እምነትካ ክትሓልፍ እንከሎኻ ክብሪ ቅድስና እዩ ዓስቡ።

ዘሎናዮ ዘመን ሓደ ካብቲ በዳሂ ፈተናታት ዝገጥመና ኣብ እምነትና እዩ ኮይኑ ዘሎ። ሎሚ ሰባት ደፊሮም እምነትኩም ሓቂ ኣይ ኮነን፥ ኣብ ጣኦት ኢኹም እትኣምኑ፥ መራሕትኹም ሓሳዊ ሕይወት እዮም ዝነብሩ፥ ሕሉፍ ሓሊፍዎም ብድፍረት ቤተ ክርስትያንኩም ብመንፈስ ቅዱስ ኣይትምራሕን እያ እናበሉ እዝን ካልእን ዳርጋ ንገለ ኣብ ክሕደት እምነቶም ንገለ ኸኣ ኣብ ምጥርጣር ኣብጺሕዎም እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። እንተኾነ ሓቂ ብብዝሒ ዘረባን ብስም ጨራሕካን ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብስም ተዛረብካን ኣይኮነትን እትርከብ ሓቂ ኣብ ክርስቶስን ኣብ ቤተ ክርስትያኑን ኣብቶም ብሓቂ ብእምነት ዝጉዓዙን ጥራሕ እያ እትርከብ፥ ኣብ ታሪኽ ክርስትናና በብእዋኑ ደቂ ድያብሎስ ንቤተ ክርስትያን ገለ ኣብ ውሽጣ ናታ ተመሲሎም ገለ ኻኣ ካብአ ተፈንጪሎም ከጥፍእዋ ጽዒሮም እንተ ኾነ ንሶም ድአ ጠፍኡ እዚ ኸአ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ስለ ዝመርሓ እምበር ኃይሊ ሰባት ኣይኮነን። ለእመ እግዚአብሔር ምስሌነ መኑ ይክለነ ዝብል ትምህርቲ ቅ. ጳውሎስ ሓቂ እዩ።

ክርስቶስ ባዕሉ ኣፍደገታት ሲኦል ኣይክስዕርዋን እዮም ኢሉና። ዝመጽአ ይምጻእ ዝወረደ ይውረድ ኩሉ ጊዜ ጽኑዕ እምነት እንተ ኣልዩና ህላዌ ክርስትያን ዝተረጋገጸ እዩ። ዝኸፍአ ኮይኑ ዘሎ ሰብ ሎሚ ንኣምላኽ ብገንዘብ ብምቕት ዓለም ተኪእዎ ኣብ ንኣይ ይጥዓመኒ ዘንቢሉ ንርኢ ኣሎና። ልቢ ብዙሓት ተሰሊቡ ኣምላኽ የለን ኣየድልን ገለ እዋን ከአ ነቲ ሓቀኛ እምነት ኣብ ድላይካ ጠምዚዝካ ንሓቂ በቲ ንስኻ እትደልዮ ጠዊኻ ንብዙሓት የውሃት ኣታሊልካ ምኽኣል ናይ ዘመና ፋሽን እዩ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ቅዱስ ዮውሓንስ ተነስሑ ተመለሱ ኢሉ ሎሚ እውን ይዛረበና ኣሎ። ንንስሓ ንዕርቂ ኣፍልብና ከፊትና ኣብ ቤት ኣቦና ክንእቱ እዋኑ ዝሓቶ ዕድመ ኣምላኽ እዩ። መንፈስ ሓዲስ ዓመት ከአ በዚ ክጅምር እዩ ድለት ክርስቶስን ቤተ ክርስትያንን እሞ ኣሕዋተይ ሎሚ ከመሎና ልብና ሕይወትና ኣበሎ ምስ መን እጉዓዝ ኣሎኹ ኢልና ዓመትና ክንጅምር ክንቅደስ ይግብኣና።

ኣብ ኤርምያስ ነቢይ ኣብ 1፥17-19 ዘሎ እንተ ኣንበብና ተንስእ ሕቋኻ ተዓጠቕ እቲ ኣነ ዝእዝዘካ ኹሉ ንገሮም ኣይትፍራሕ ኣነ ምስኻ ኣሎኹ፥ ኪዋግኡኻ እዮም ግናኸ ምእንቲ ክሕልወካ ኣነ ምስኻ እየ ኣይክስዕሩኻን እዮም ዝብል ንረክብ። ንኤርምያስ ኣብቶም መራሕቲ ሃገር ናይ ሰሜናዊ መንግስቲ እስራኤል ንሓቂ ክሰብኽ ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ክንስሑ ብድፍረት ክነግር ተላኢኹ። ብሓቂ ከቢድ ሓላፍነት እዩ እንተ ኾነ ኣምላኽ ሒዝካ እትልኣኾ ክበዱ ተቐባልነቱ ብዘየገድስ ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ምብጽሕ እዩ ተራኻ። ሎሚ ንሕና ሰበኽትን ተላኣኽትን ኣብጻሕትን መልእኽቲ ኣምላኽ ኢና። ከም የሓንስ መልእኽትና እናኣብጻሕና ሞት በቶም መልእኽቲ ኣምላኽ ክቕበሉ ዘይደልዩ እንተ መጸና ክንቅበል ትሑዛት ኢና። ንኤርምያስ ኣነ ምሳኻ ኣሎኹ ዝበለ ኣምላኽ ሎሚ እውን ምስ ቤተ ክርስትያኑ ምስ ህዝቡ ኣሎ ሓንትስ ኣሚና ኣብኡ ንመለስን ንስማዓዮን።

ሎሚ በዚ ብሩኽ ዕለት እምብኣር ንቅዱስ ዮሓንስ ነቲ ኣብኡ ዝነበረ እምነትን ትብዓትን ተኸቲልና ከምኡ ኣብዛ እንጅምራ ዘሎና ዓመትና ኣብ ኩሉ ንሓቂ ክንምስክር ንእምነትና ክነብሮ ክንምስክሮ ክሕግዘና ንለምኖ።

ዓመት ሰላምን ፍቕርን ብልጽግናን ይግበረልና፥ ብሩኽ ሓዲስ ዓመት ብፍላይ ኣብ ሃገርናን ዓለምናን ምሕረት ወሪዱ ሰላም ፍቕሪ ኣብ ኩሉ የውርደልና እናበልኩ ንኹልኹም ርሑስ ብዓል ሓዲስ ዓመትን ቅዱስ ዮውሓንስ እብል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ